**ጉዳይ ዶብን ፣ ስነ-ሞጎት ሓይልን ፡**

ናይ ዶብ ሽግር ኣብ መንጎ ሓረስቶት ከም ዝፍጠር ፡ ኣብ መንጎ መንግስታት ክፍጠር እውን ባህርያዊ እዩ ። ኣብ ሕብረተሰብና ናይ ዶብ ሽገር ክፍጠር እንከሎ ፡ዳኛታት ምስ ዓበይቲ ዓዲ ኾይኖም ነቶም ኣብ ዶብ ዝተካሰሱን ዝባኣሱን ብዘይ ጎነጽ ብሰላማዊ መገዲ ከም ዝፍታሕ ክገብሩዎ እንከለዉ ንዕዘብ ነርና ኢና ። እቲ ጎነጽ ኣብ መንጎ መንግስታት እንተኾነ እውን ኣብ ብዙሓት ሃገራት ብመንጎኛታት ው.ሕ.ሃ. ብሰላም ከም እተፈትሐ ታሪኽ ይምህረና ። ስለዚ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣሎ ዝብሃል ናይ ዶብ ኹናት ፡ ብከመይ ተፈጢሩ ፣ ስለ ምንታይ ከ ፍታሕ ተሳኢኑዎ ክንብል እንኾለና ? ብመሰረቱ እቲ ኹናት ወልቀ መላኪ ኢሳያስ ኣፍወርቂ ፈጢሩዎ ፡ እቲ ኹናት ተፈቲሑ ህዝቢ ኤርትራን ኢትዮጳያን ብሰላም ከይነብሩ ከኣ ኢሳያስ ኣፍወርቂን ሰዓብቱን ለይትን መዓልትን ዝሰርሓሉ ዘሎው ኣጀንዳ እዩ ።

መሬተይ ብሓይሊ ተወሲዱኒ ዝብል ወልቀ ሰብ ይኹን መንግስቲ መሬቱ ክመልስ ክልተ ምርጫታት ኣሎዎኦ ፡ ሓደ እተወሰደካ መሬት ብሓይሊ /ብኹናት ምምላስ ኾይኑ ፡ እቲ ካልኣይ ከኣ ብዘተን ምርድዳእን ይፍታሕ ። ካብዚ ወጻኢ ዝህሉ ፍታሕ የለን ። እቲ ናይ ሓይሊ ስነ-መጎት ዝጥቀም ኣካል ፣ከማልኦም ዘሎዉ ዓበይቲ ነጥብታት ኣሎው ። ንሶም ከኣ ብዓልበታውን ውድዓውን ኹነታት ዘማለኤ ኣብ ወተሃደራውን ቁጠባውን ዲፕልማሲያውን ዝውንኖ ዓቅሚ እዩ ። ስለዚ ኣብ ኹናት ቅድሚ ምእታውካ ናይ ጸላኢኻ ሓይሊ ብግቡእ ምምዛን ናይ ግድን ይኸውን ። መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብቲ መጀመርያ ነቲ ቀያድን ናይ መወዳእታ ይግባይ ዘይብሃሎ ውሳኔ ኣልጀርስ ብዝተፈላለየ ምኽንያታት ተግባራዊ ክትገብሮ ኣይመረጸትን ነይራ ። ምክንያቱ ከኣ ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝጠቀስኩዎ መንግስቲ ኢትዮጵያ ከም ኣብ ኹናት ተዓዋትን ኣብ ዓለም ዝነበራን ዘሎዋን ዲፕሎማሲያዊ ርክባት ዉዑል ኣልጀርስ ከይፍጸም ዓቀዲማ ኡኺ ሓንጊዳ እንተ ነበረት ፣ ኣብ መወዳእታ ግን ብድልየታ ይኹን ተጽዕኖ በዚሕዋ ፡ ብመርሖ ከም እተቀበለቶ ብዕሊ ኣፍሊጣ፣ ክትዛተ ከም እትድሊ ከኣ ገሊጻ ። ኣብዚ ግዜ እዚ ህግደፍ ደላይ ሰላም እንተ ዝነብር ነይሩ ፣ ነቲ መጻዋዕታ ዘተ ተቀቢሉ ብወገን ኢትዮጵያ ዝመጽእ ናይ ፍታሕ ነጥብታት መርሚሩ ፡ ዘየዋጽእ እንተኾነ ፣ ናቱ ሓሳብ ኣቕሪቡ ተቀባልነት እንተ ዘይረከበ ፡ ካብ ዘተ ክስሕብን ወይ ከኣ ሳልሳይ ኣካል ኣቓራርቢ ክሓትት እንተ ዝክእል ናይ ሰላም ድልየቱ መረጋገጸ ። ብኣሽሓት ዝቁጸሩ መንእሰያትና ከኣ ካብ ሞትን ስንክልናን ምደሓኑ ነይሮም ።ህግደፍ ግን ሰላም ዝደሊ ሓይሊ ኣይኾነን ፣ ኣብ ዘተ እንተ ኣትየ ብሓይሊ ነቲ እማመ ወሓጦ ክብሉኒ እዮም እናበለ ፣ክውንነት ዘይብሉ ወሬ ይዝርግሕ ነይሩ ። ስለዚ በዚ ደንደር ዝኾነ መርገጽ ህግደፍ ውሳኔ ውዑል ኣልጀርስ ን20 ዓመታት ክሳብ ምምጻእ ዓቢይ ኣሕመድ ደስኪሉ ዝጸንሔ ። Game over ተባሂሉ እተበገሰ ውዑል ሰላም ከኣ፡ መንእሰያትና ዕላማ ኣብ ዘይብሉ ኣብ ኹናት ትግራይ ክስውኡን ክስንክሉን ፈሪዱዎም ኣሎ ።

ቅድሚ ህግደፍ እንታይ ሜላ ክኸተል ነይሩዎ ምባል ፡ ህግደፍ ዝክተሎ ፖለቲካ ከመይ ይመስል እዩ። ህግደፍ ድሕሪ ነጻነት ኤርትራ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዕልዋ ዝፈጸመ፡ ኣብ ውሽጢ ሰውራ ተሸጉጡ ዝመጸ ሕብረተሰብኣዊ ሰረት ዘይብሉ ናይ ውጻኢ ጉጂለ እዩ ። እዚ ሓቂ ነቶም ኣብዝሓ ደገፍቲ ህግደፍ ክሳብ ዝርዕምዎ ግዜ ክወስድ እዩ ።በዚ ምክንያት እዚ ኣብ ህዝብና ኣብ ትርጉም ኣልቦ ዝኾነ ተደጋጋሚ ኹናት እናጠበሰ ኣብ ሰልሳይ ወለዶ ኣብጺሑና ኣሎና ።እዚ ከኣ ወለዶና ተጋዲሎም ዝከፍል ከፊሎም ነጻነት ኣውሒሶም ከይኣክል ፣ እንደገና ደቅና ኣብ ኽናት ባድመ ትርጉም ዘይብሉ መስዋእቲ ከፊሎም ። ሕጂ ከኣ ደቂ ደቅና ኣብ ዘይምልከቶም ኹናት ትግራይ ኣእቲዩ ብኣሻሓት ስዉኣትን ስንኩላትን ገይሩዎም ኣሎ ። ህግደፍ ብተወሳኺ ኣብ ልዕሊ ትሕቲ ቅርጽን ልዕሊ ቅርጽን ፈጺሙዎ ዘሎ ዕንወት ባዕሉ ኣብ መስኮት ቲቪ ኤሪ ስለ ዝገለጾ ምድጋሙ ዘድሊ ኣይኾንን ። እቲ ጸገም እቶም ድገፍቱ ባዕሉ ብኣፉ ሃገር ከምዘዕነዋ እናነገሮም

ዓድና ብቁጠባ ትሕምባብ ኣላ ክብሉን ክድሰቱን ምርኣይ ክንደይ ኩልንትናዊ ናይ ሰነ ሓሳብ ድኻታት ምዃኖም ንርዳእ ። ኣበው ክምስሉ እንክሎዉ “ ዘይናትካ ኩሩምቲ ሑጻ ቀርጥመሉ “ ከም ዝብሃል ፡ ኢሳያስ ኣፍወርቂ ኤርትራውያን እንተ ተኾስተሩ በየናይ ምክንያት ቓንዛ ክስምዖ ? ኣዲስ ኣባባ ከይዱ ብታሕጓስ ልቡ እናሃረመ ፡ ዓሽ እዩ ክልተ ህዝቢ ዝብለና ሓደ ህዝቢ ኢና ክብለና እንክሎ ናይልቡ ይዛረብ ነይሩ ። ኣብ ኣስመራ ቆሉዑትን ተምሃሮን ኣኪቡ ኣብ ጎደናታት“ ተደምረናል ፡ ኣንድ ሆነናል “ ክብሉ ገይሩዎም እዩ ። ናይ ባድመ ናይ ዶብ ኹናት ኣይኮነን ፡ ናይ ዶብ ሽግር የብልናን ፡ ናይ ኢትዮጵያ ምርርግጋእ ቀዳምነት ከምዝህቦ ገልጹልና እዩ። እዚ ከምዝን ወዲ ከምዝን ዝምድር ሰብ እንታይ ኢልና ክንሰምዮ ንክእል ? ኣቀዲሙ ንተሓኤ ምስ ወይኔ ተመሓዝዩ ካብ ኤርትራ ኣውጺእዋ ፡ ጽኒሑ ነቲ ባዕሉ ዝመረቀሎም ባድመ ተወሪረ ክብል ታንከታቱ ሰዲዱ ፣ ውጺኢቱ  ከኣ ርእናዮ ። ዓቅሚ ተሳኢኑዎ ን20 ዓመታት ተጸብዩ ከኣ ምስ ዓቢይ ኣሕመድ ተመሓዚዩ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ እዚ ዘይብሃል ግፍዒ ፈጺሙ ። ሕጂ ከኣ ተጠሊመ ኢሉ ኣንጻር ኢትዮጵያ ኹናት ክገጥም ንመንእሰያትና ኣብ ኣዋጅ ተጠንቀቅ ኣውሪዱዎም ይርከብ። እዚ ከም ኣመንዝራ ገንዘብ ኣብ ዝተኾቡሉ መንግስታት ዝዕሰብ ብመጻኢ ዕድል ህዝብና ይጣለዓሉ ኣሎ ።  ሕጂ እውን ኣብ መንጎ ትግራይን ኤርትራን ናይ ሰላም ዘተ ይካይድ ኣሎ ዝብሉ ናይ 03 መደናገርቲ ዜናታት ይፍነዉ ኣሎው ። ሰላም ዝጸሊእ ሰብ የለን ግን ትግራይ ዓርሳ ኪኢላ ክትዛተ እንተኾይና ኢትዮጵያ ፍሕ ኢላ ኣብ ንኣይሸቱ ሃገራት ክትማቀል ከላ ጥራሕ እዩ ክኸውን ዝክእል

እሞ ከኣ ደኣ  ህግደፍ መሬቱ ክመልስ እንታይ ክገበር ነይሩዎ ? ህግደፍ ስላም ክፈጥር ቅድም ዝነበሮ ዕድልን ፣ ሕጂ ዘሎዎን እንኮ ሰላማዊ ፍታሕ ምቅባልን ምትግባርን እዩ ። እንተኮነ ህግደፍ ናይ ባዕሉ ሕልምታት እንተዘይኾኑ ብዛዕባ ህዝቢ ኤርትራ ዝዓጦ ኣይኮነን ።  ብኣንጻሩ ሓደ ሃገራዊ ሓይሊ ነይሩ እንተ ዝኾውን ዝተፈላለዮ ፖሊሲታት ቀይሱ ንህዝቢ ኤርትራ ሰላምን ምዕብልናን ዝፈጥር ኣጋባብ ፍታሕ ምተኸተለ ነይሩ ። ቅድሚ ኩሉን ልዕሊ ኩሉን ከኣ ነቲ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሩ ዝተነድፈ ሃገራዊ ቅዋም ኣብ ግብሪ ክውዕል ምገበረ ነይሩ ። ህግድፍ ግን ግዜኡ ምስ ኣኸለ ኣታሓሳብኡን ታሪኹን ተጓሒፉ ዝጠፍእ ትርእዮ እዩ ። በዚ ዘኣክል ስነ መጎት ህግደፍ ኹናትን ሞትን ብርሰትን ተጎልቢቡ ንጥፍኣት ህዝቢ እዚ ከባቢ ዝሰርሕ ዘሎ ሓይሊ እዩ ። ከምዚ ኣብ ላዕሊ ዝጠቀስኹዎ ውዑል ኣልጀርስ ኣብ ግብሪ ክውዕል ስለ ዘይተካኣለ ህግደፍ ወይ ብሓይሊ ወይ ብዘተ  መሬት ኤርትራ ሓራ ከውጽኦ ኣይከኣለን። ብኣንጻሩ ወያኔ እናበለ  ን20 ዓመታት እናቆዘመ እናተራገመን ኣይምተጸበየን  ሰላም ክመጽእ ድልየት እንተ ዝነብሮ ብናይ እንካን ሃባን ንክልቲኡ ህዝብታት ብዘርብሕ ዲፕሎማሲያዊ መንገዲ ፍታሕ መናደየ ። ንኣብነት መራሒ ግብጺ ኣንዋር ሳዳት ነቲ ብ1967 ብእስራኤል ዝተወስደ መሬት ክመልስ ብ1973 ኣብ ልዕሊ እስራኤል ወራር ፍጺሙ ፣ በዚ ኮነ በቲ ተሰዒሩ ። ስለዚ ብሓይሉ መሬቱ ክመልስ ከምዘይክእል ምስ ተረደኤ ፣ ነቲ ኩሉ ክመጾ ዝክእል ጽልእን ተጽዒኖን ካብ ዓርባዊ ዓለም ዕሸሽ ኢሉ ፣ብ1979 ምስ እስራኤል ናይ ሰላም ውዑል ፈጺሙ መሬቱ ከኣ ክመልስ በቂዑ ።በዚ ምኽንያት እዚ ከኣ ተቀቲሉ ። ከምኣ እውን ኣብ መንጎ ናይጀርያን ካመሩንን ብ1980 ብጉዳይ ባካሲ ዝተባህለት ሓውሲ ደሴት ሃብቶም ብነዳድን ጋዝን ኣብ ግጪት ኣትየን ነበራ ። ምክንያቱ ከኣ ናይጀርያ እቲ ዶብ ቅድሚ ጀርመንን እንግሊዝን ዝገበርኣ ናይ 1913 ዝነበረ ዶብ ክከውን ኣሎዎ ክትብል እንከላ ፣ ካመሩን ከኣ በቲ ናይ 1913 ውዑል ከም ትቅበል ገሊጻ ። እዚ ምስኾነ ካመሩን ነቲ ጉዳይ ብ1994 ናብ ዓለማዊ ፍርዲ ቤት መሪሓቶ ። ዓለማዊ ፍርዲ ቤት ከኣ ድሕሪ 8 ዓመታት ንካመሩን ፍሪዱዎ ። ምክንያቱ ፍሉጥን ዕላውን  ዶባት ኣፍሪቓ ድሕሪ 1884 ብኤውሮፓውያን ዝተሓንጸጸ ስለ ዝነበረ ። ናይጀርያ ቅድም ነቲ ውሳኔ ነጺጋቶ ፣ ደሓር ግን ኮፊ ኣናን ጵሓፊ ሕሃ ነበር ንክልቲኦም ወገናት ኣብ ኒውዮርክ ጸዊዑ ክረዳድኡ ሓጊዙዎም ፣ተዓሪቆም ከኣ ።ናይጀርያ ከኣ ንዜጋታታ እንተ ድልዮም ኣብዘለውዎ ናይ ካመሩን ዜግነት ተቀቢሎም ክነብሩ ፣ወይ ከኣ ንሃገሮም ናይጀርያ ክምለሱ ወሰና። ምክንያቱ እቲ ውሳኔ ቤት ፍርዲ ብዛዕባ

መሬት እምበር ብዛዕባ ህዝቢ ውሳኔ ኣይሃበን ።በዚ ከኣ እቲ ጀሚሩ ዝነበረ ግርጪት ብሰላም ተዓጽዩ ። ብኣንጻሩ ጉጂለ ህግደፍ ኣብ ዘይመሪቱን ኣብ ዘይህዝቡን ነጊሱ ዘሎ ፣ ዘዋጽኦ ቀጻሊ ኹናት ክሳብ መዓልቱ ትኣክል ከኣ ንህዝብና ከጥፊእ ሓሪኑ ተበጊሱ ዘሎ ጉጂለ እዩ ። እንተዘይኮነ ብሓይሊ ተወሲዱኒ ዝነበረ መሬተይ ብሓይሊ መሊሰዮ እናበለ ነበይኑ ሳልሳይ ኣኻል ዘይብሉ ዳኛ ኾይኑ ኣብ ከባቢ ጾሮና ናይ ዓንድታት ምትካል ስራሕ ጅሚሩ ከምዘሎ ካብቲ ከባቢ ዝመጸ ሓበሬታ ኣሎ ። መንግስቲ ኢትዮጵያ ከኣ ነዚ ተግባራት ህግደፍ ብኣብርሃም በላይ ሚ.ምክልኻል ገይራ ዘይሕጋውን ከምዘይትቅበሎን ትገልጽ ኣላ ። በዚ ከኣ ጽባሕ ኢትዮጵያ ከምዚ ትገልጾ ዘላ ኣብ ዝጠዓማ መዐልቱን ሰዓቱን ምስ ኣኸለ ፡ሓይላ ጠራኒፋ ኹናት ክትገበር ዝክልኽላ ሓይሊ የለን ። ብሓይሊ እተወሰደ መሬት ብሓይሊ ከኣ ይምለስ ፣ኣብ መንጎ ዝጠፊእ ከኣ ኤርትራዊ መንእሰይ እዩ ።ኣብዚ ከኣ ራብዓይ ወለዶ ህዝቢ ኤርትራ ሓደጋ ኹናት ከንጸላልዎ ይግበር ኣሎ ።

ኣብ መወዳእታ ፡

ከም ኤርትራውያን ኹናት ኣንጻር ኢትዮጵያ ምርጫና ኽከወን ኣይግባእን ። ምኽንያቱ ኣብ ኹናትን ጎነጽን ሓይልን ዝመጽእ ሃገራዊ ረብሓ የለን ። ኣብ ኹናት ዝተዓወትን ዝተሳዕረን ብሓባር ተጎዳእቲ ስለ ዝኾኑ ። ኣብ ግዜ ቀ.ሚ. መለስ ዜናዊ ቅድሚ ኩሉን ሃገራት ዓለም ኢትዮጵያውን ባህግናን ሕልሚ ቓልስናን ስለ ዝተረድኡ ከም ሓንቲ ልዑላዊት ሃገር ክንፍለጥ ዝኣወጁ እዮም ። እዚ ከኣ ብህዝባዊ ረፈረንዱም ክዛዘም ምግባሮም ክርሳዕ ዘይግብኦ ፣ ታሪኽ እናዘከሮ ዝነብር ፍጻሜ እዩ ድሕሪ ኹናት ከኣ ኩሉ ግዜ ሰላምን ዕርቅን ይመጽእ ። ኣብ ዘመነ ህግደፍ ግን ኹናትን ጥፍኣትን እምበር ፣ ሰላምን ምዕባለን ፍቅርን ሕወነትን ቦታ የብለለን።

ንኩናትን ጎነጽን ኣይፋል ፡ እወ ንሰላምን ዕርቅን ።

**ክብሮም ግረነት ፡**

5/10/2024